# ንኽፈላ ዕዳኣ/ንኽፈሎ ዕዳኡ

ተሰዊኣ ተሰዊኡ መምህር ኹሉ - ቡሉጽ ዋጋ ደም ከፊሉ
ኣዊጊሓታ ኣውጊሒዋ እታ ለይቲ - ብቅያኣ ብቅያ ትንግርቲ
እቲ ናይ ደማ / ደሙ ታሪኽ ጽሑፉ - ዓለም ኣላፉሊፉ
ዝሓለፈቶ ቅያኣ / ዝሓለፎ ቅያ`ዩ ዛንታ - ተገንዚብናዮ ኮታ
ጀህራ ከምዘየድርር - ግብሪ`ዩ ዝምስክር'ዩ ናይ ሰማእታትና ምስክር።
ከመይ ነበረ ሰማእታትና ሓመድ ድበኹም
ከም ኣራዊት ምድሪ ተጎቲትኹም ኣቲኹማ ጉድጓድኹም
ብነታጕ፣ ብናፓል፣ብባርዕ ናብ ሓምኹሽቲ ተቐይርኹም
ኣብ መስዋእትኹም ጌሌኹም መግነዝ ኹሽፍኹም ዘይረከብኹም
ኣብ ምንት ምንታይ ኢኹም ኣብዚ ዝዋዓልኹም።
ተሰዊኣ ተሰዊኡ መምህር ኩሉ
ብልጽቲ ቡሉጽ ዋጋ ደም ከፊሉ
ኣዊጊሓታ ኣውጊሂዋ እታ ለይቲ
ብቅያኣ ብቅያ ትንግርቲ።
ንሕና ሰማእታት ሓንቲ ልቢ ሒዝና
ንነታጕ ንናፓል፣ንባርዕ፣ ቀታሊ ከም ምኧኑ ፈሊጥና
ብጡሙይና ብጹሙእ ጎሮሮና ብመርዛም ኹናት ተዓንጊልና
ሕይወት ዘይነበረና ኣይኮነን ሕይወት ነይሩና
ስጋና እንዳሓረረት ዓወት ንሓፋሽ ነይራ ናይ መጨረሽታ ቃልና።
እታ ናይ መስዋእታ/መስዋእቱ ታሪኺ ጹሑፉ - ዓለም ኣላፉሊፉ
ናይ ስውእቲ / ስውእ'ሎ ናይ ደም ዛንታ - ተገንዚብናዮ ኮታ
ጀህራ ከምዘየድርር - ግብራ'ያ ግብሩ'ዩ ዝምስክር-ብመስዋእቱ ዓወት ዝዓትር።
ከመይ ነበረ ገድልኹም
ዓወት ከምእንዕወት ስለዝፈለጥና
ብጡሙይ ከብድና ብጹሙእ ጎሮሮና
ኣብ ኹናት ንኣቱ ባሩድ ይዕፍነና
ካብ እንፈትዎም ብጾት መስዋእቲ ይፈልየና።
ብመስዋእታ/ቱ ብዊንታ ናይ ልቡ'ዩ ዓጊቡ
ብካዕቦ ዘይግመት - ብእመት ዘይእመት
ዘይምንዛዕ ሃብቲ - ዘይበርስ ምህርቲ
ብዓጽማ/ብዓጽሙ ወርቐ - ሓወልታ፣ ሐወልቱ ነዲቐ።
እንታይ ነበረ ትጺቢትኹም
ብዘይ ሃገር የለን ክብረት
ትጽቢትናን ድላይናን ሓንቲ ነበረት
ዓወት ንሓፋሽ ነጻነትኤርትራ ዝሓዘት
መሬትና ብደምና ብዘይ ሃገር የለን ክብረት
እዚ`ዩ ዝነበረ ናይ ነፍሲ ወከፍ ስዉእ ተፍጻሜት።

ነጻነት ኤርትራ ምስ ኣምጻታ/ኣምጽኣ
ኣቦታት ደበሉ-ኣጋቡዝ ዓንደሩ
ኣዴታት ዓለላ-ጎራዙት ዘለላ
ህጻናት ደረፉ-ኣፎም ብጽያፉ
ስማ / ስሙ እናድሃዩ - ኣካ ተላሃዩ።
እንታይ ነበረ ፍጻሜኹም ሰማእታትና
ምእንቲ ሓፋሽ ሕዝቢ ኤርትራ ኢልና
ኣብ ኹናት ደቢልና ሳዕሲዕና
ማይ ዶ ጸባ ተባሂሂልና
ንኹሉ ገዲፉና ደምና ሂቢና
ናይ መስዋእትና ፍጻሜ ነጻነት ኤርትራ ኣምጺና።
ንውረሳ / ንውረሶ ፍናኑ
ነሓድሳ / ነሓድሶ ኪዳኑ
ዋጋ ናይ ጻማኣ / ዋጋ ናይ ጻማኡ
ንኽፈላ / ንኽፈሎ ዕድኡ
እጅጌና ሰብስብና
ንሰልም ኤርትራ ሃገርና።
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ እናበልና
ንሓብሕብ ስድራ ሰማእታትና።

ዓወት - ንሓፋሽ
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ምሕረትኣብ ሳሙኤል ስብሓቱ
ቶሮንቶ - ካናዳ